**_ዋዕሮ ኤርትራ፡ ወ/ሮ ጉዐይ።_**

ብደብረ

## _ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል_

## _ማሕዘል፡ ቅድመይ ተደፋእ!!_

ምልኩዕ ባህላዊ ማሕዘል ኤርትራ ካብ ቆርበት በጊዕ ወይ ጤል ዝስራሕ ይማስለኒ። ብዘዕጎል ከኣ ይማላኻዕ። ኣዴታት ኤርትራ ኣብ ሕቆኦን እየን ንደቀን ዝሓዝላ። ትርጉሙ“ቅድሚኻ ይድፋኣኒ።” ዝብል ትርጉምክህባ ይደሊ። ዘሙ ዘምጽኦ ማሕዘል ካብ ሽራ ወይ ጨፊቂ ዝስራሕ ኮይኒ “ቅድመይ ተደፋእ።” ዝብል ትርጉም ክህባ ይደሊ። ምኽንያቱ ድንገት ነታ ዝሓዘለት ኣደ ዕንቅፋት ሃሪምዋ ንቅድሚት እንተወዲቃ፡ ኣብ ናይ ቀዳማይ ማሕዘል ኣደ እያ ቀዲማ ትህሰ፡ ኣብ እቲ ናይ ካልኣይ ከኣ እቲ ውሉድ እዩ ዝህሰ።




ደገፍቲ ሕግደፍ ብፍላይ ከኣ ኣደታት ክስዕስዓ ከለዋ ማሕዘል፡ ቅድመይ ተደፋእ እዩ ዝማስል። ነፍሰ-ፍታው ልዕሊ ውሉድካ። ከም ህልቂት ላምፔዱዛ፡ መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ባሕሪ ቀለብ ዓሳ እንዳኾኑ፣ መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብ ፈቀዶ በረኻታት፡ ኣውያት ኣብዘይብሉ ንቡር ቀብሪ ከይረኸቡ ወዲቆም ዝተረፉ ኣሻሓት ከለዉ፣ ደቀን ንሞት ኣረኪበን፣ ደም ደቀንን የሕዋተንን ረጊጸን፡ ሓጎሰን ዘስተማቕራ ዘለዋ እየን ዝማስላ። ኣብ እቲ ውሽጢእቲ ምልካዊ ስርዓት ዘለዉ ይኹኑ ዘየለዉ፡ ውሩያት ሰባት በብሓደ ብዕባራ ምኽንያታት እንዳሃለቁ እንዳረኣያ፣ ስላቀ ከበሮኦን፡ ናይ እንቋዕ ሓጎስና ሳዕሲዒተን ድኹም ኣተሓሳስባ ወይ ከኣ ኤርትራዊ ባህሪ ከምዝየብለን እዩ ዘርኢ። ኤርትራውያን እንተኮይነን፡ ጽባሕ ተራ ናተን ከምዘሎም ኣየስተብህላን ኣለዋ።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሰ ሓደ ጽቡቅ ኣብነት ጉዳይ ጀነራል ስብሃት ኤፍሬም እዩ። በዓል ኣርባዕተ ኮኾብ ጀነራል ስብሃት ኤፍሬም እንታይ ከምዝረኸቦ ኩላትና ንዕዘቦ ዘለና ጉዳይ‘ዩ። ኣብ ኣፍደገ ገዝኡ፡ ብጥይት ተሃሪሙ ወዲቁ ዝብል ዜና ተሰሚዑ። ይኹን ደኣ እምበር ብሂወት ይሃሉ ይሙት ክሳብ ሐጂ ዝተፈልጠ ነገር የለን። ጀነራሉ ኣብ ናይ ገድሊ ሂወቱ፡ ኣብ ናይ ሩባ ሐጻ ወተሃደራዊ ፐላን እንዳሓንጸጸ፡ ብጸብለልታ ገድሊ ዝሞርሐ ተጋዳላይ፡ ሕጂ ድሃዩ ሃንደበት ጠፊኡ ተባሂሉ። ዋላ እኳ ኢሰይያስ ካብ ስልጣን ከይወርድ ኣብርቲዑ ሰሪሑ(ካብ ሰባዓታት ጀሚሩ ኣንጻር ኢሳይያስ ዘዝተበገሱ ለውጥታት ዘኽሰመን ህልውና ኢሳይያስ ክናዋሕ ዝገበረን ሰብ እዩ።) ተባህሉ እንተተሓምዩ፡ እዚ ናይ ሕጂ ፈተነ ቅትለት፡ “ዩዝ ኣንድ ስሮው” (ተጠቂምካ ደርብዮ) ዝብል ፖሊሲ ኢሳይያስ ኣርኪብዎ ዶ ይኸውን፧ ዝብል ሕቶ እዩ ዘልዕል። እዚ ድሕሪ መጋረጃ ዝኾነ ብውጥን ዝኸደ ክሕደት ከምዝሎ እዩ ዘርኢ። እምበርኣከስ ጀነራል ስብሃት ኤፍሬም፡ ሓደጋ ረኺቡ ተባሂሉ ኣብ’ዚ ኣሎ ተባሂሉ ድሃዩ ተሳኢኑ ኣብዘለወሉ እዋን፡ ደገፍቲ ህግደፍ “እዚ ትማሊ ምሳና ዝነበረ ብጻይና ጀነራል ኣበይ ኣሎ፧” ኢሎም ደሃዩ ኣይሓተቱን። ኢሳይያስ ኣብ ማባል 28 ዓመት በዓል ናጽነት ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ “እንዳመጣና ኢና መጺእና።” ዝበሎ “ተመሚዱ ላና” ኢለን ዝሳዕስዓ ዝማስላ። ከም እቲ ማሕዘል ቅድመይ ተደፋእ፡ እሱ ቅድሚኡ ም ይደፋእ፡ ኣይግድሶምን እዩ። ብኣንጻሩ ኣብ ደማበ ፍትሒ ዘለዉ እዮም ተጩኒቆም ድሃዩ ዝሓትሉ ዘለዉ። ንሶምእዮምከምእቶምዝጠለሞምቀደምት ብጾቱ ሜዕረ ክብሪ ዝሃብዎ። ደገፍቲ ህግደፍ ግን ተረኣን ክሳብ ዝበጽሕ ንሰን ሳዕሲዒተን ክቅጽላ እየን። ጥልመት፡ ካብ እዚ ንላዕሊ ጥልመት የለን፡ ጻዕዳ ጥልመት።

እዘን ኣብ ኣስመራ ዘለዋ እሞ ዝስዕስዓ ዘለዋ ግን ፈትየን ኣይኮናን። ብምምሕዳራት ብናይ መቖሻን መግቢ ብኸብደን ተታሒዘን (ኩፖነን ስለዝሕደጋ) እየን ተገዲደን ዝስዕስዓ። ወ/ሮ ጉዐይ ክትገልጸን ኮላ፡ “ኣብ ዓዲ ዘለዋ ኣደታት ይበኽያ ኣለዋ። እዘን ትማሊ (ኣብ ማዓል 28 ዓመት በዓል ናጽነት) ክስዕስዓ ዝረኣኽምወን ኣዴታት ፈትየን ዲየን ሚሊኩምሳዕሲዐን፧ ኣይኮነን፤ እንታይ ደኣ ተገዲደን፥ ብኣፍንጫ!” ክትብል እያ ጸገመን ነጊራትለን። ሜላእኽታ ግልጺ እዩ ነይሩ። መንእሰያት ኤርትራ ንኣደታቶም ብጽሒለን፣ ኣለናልኪ በልወን ዝብል እዩ። እዛ ሃገር ብድሕሪ ሕጂ ናይ ማንም ኣይኮነትን። ናይ መንእሰያት እያ። ስለዝኾነ ከኣ መንእሰያት ቶባእ ኢሳይያስ! ቶባእ ህግደፍ! ኢሎም ክብገሱን ሃገሮም ካብ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ ክሕደግዋን ተማሕጺና። ወ/ሮ ጉዐይ ኢዳ ናብቶም መንእሰያት እንዳሜልከተት፡ “ነዓኻትኩምእያ እዛ ሃገር። ንዓይ እውን ኣይኮነትን ንዓበይቲ እውን ኣይኮነትን። ደቀይ ኣብ ጀርመን ስለዝዓበዩ ንዕኦምእውን ኣይኮነትን፡ ሃየ ሃገር ኣድሕኑ ሃገር ናትኩምእያ።” ኢላ እያ ተሪር መጸዋዕታ ዝገበረት።

ወ/ሮ ጉዐይ፡ ህግደፍ የፈራርህዋ ከምዘለዉ ኣይሓብአትን። “ሓንቲ ካብ ጎረቤተይ ደጋፊት ህግደፍ ዝኾነት ንደቀይ፡ ‘ክቐትልኹምእዮም፣ ክሓርድኹምእዮም።’ እንዳበለት ኣጃጂያቶም።” ክትብል ዝኣረገን ዝነበረን ናይ ህግደፍ ሜፈራርሂ ሜላ ኣቃሊዐት። ፕሮፌሰር ኣርኣያ እውን ምስ ናዝ ኣብ ዝገበሮ ቃለ ማጠይቅ ነዚ ሜላ ድሕሪ ጂ 13 ከምዚ ዓይነት ሜፈራርሂ ይበጽሖ ከምዝነበረ ኣብሪሁ እዩ። እንተኾነ ወ/ሮ ጉዐይ ቀሰይ እንዳበለት ንደቃ ተረድኦም ከምዝላ ኣብሪሃ። ብፍርሂ ተዋሒጦ ንድሕሪት ኣይበለትን። ንሷ እምነቷ ኣብ ፈጣሪኣ ጌራ ኣላ። እሷ ትብል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሃይማኖትና ዝብለና፡ እግዚእብሄር ዝሃበና ትእዛዝ ሓቂ ተዛረብ እዩ ዝብል። ኣነ ብኣቦ ሓጎታተይ ክወራረስ ዝመጸ ጓል ኣቅሽሽቲ እየ። ስለዝኾንኩ ከኣ ሓቂ ተዛሪበ ክመውት ኢየ ዝደሊ።” ክትብል ካብዚ ሕጂ ዘላቶ ቃልሲ ሓርነት ንድሕሪት ገጻ ከምዘይትጥምት ብቆራጽነት ገሊጻ። “ኣነ እንድሕር ክቃወምኮይነ፡ ብሕብእብእ ዘይኮነስ ብግልጺ ክቃወምኣሎኒ። ኣነ ዝቃወምዘለኹ ምእንቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምእቲ እታ ስንክልቲ፣ ምእንቲ እታ ኣደ ስውእ እዩ።” ክትብል ነቲ ቆራጽነቷ ትብዓት ትውስኸሉ። “ኣነ ኣክንዲ ህዝበይን ሜሬይተይ ከእዊ ደልየ። ኤርትራ ሽማጥራሕ ‘ዩ ዘሎ። ኤርትራ የላን፡ ሜሬታ የለን መኺኑ እዩ።’ ከኣ ትብል ንኽትበኪ ሕንቅንቅ እንዳበለት። ብዛዕባ እዚ ከተብርህ ኮላ፡ ሓረስቶት ሓሪሶምከይበልዑሉ ጣፍ ኣይትዘርእዎን፣ ዳጉሳ ኣይትደግምዎን ኢኹምእንዳተባህሉ በቲ ስርዓት ብኢዶምተታሒዞምከም ዘልዉትገልጽ። “እንታይ ኢና ንርኢዘሎና፡ ስለምንታይ ኢና ንፈርሕ፧” ኢላ ትሓትት ብሕርቃን። ቀጺላ “ስለዚ ኣንቱምየሕዋተይ፡ ኩሉኹምየዕርኽት ኣለዋኹም፣ ኣንስቲ ኣለዋኹም። ኣምጽእወን ኣንስትኹም፣ ኣምጽእወን የዕርኽትኹም ብሓባር ኡ ይበላ፣ ይዛረባ፣ ብሓባር ነእዊ” ክትብል ንተሳተፍቲ ብወኒ ማሊኣቶም።

ሃሚድኤ ንማሰል ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዝቃለስ፡ ብህዝባዊ ግንባር ዝቆመካብጊዜ ቃልሲ ጀሚሩ ነዊሕ ዝገበረ ትካል እዩ። እዚ ሒጂ ዘሎ ኣገልግሎት ሃሚድኤ ግን ንዝቆማሉ ዒላማሲሒቱ ንምልካዊ ስርዓት ምጥባቕ እዩ ኮይኑ ዘሎ። እታ ናጽነት ከተምጽእ ዝሰንከለት ህላዌኣ ከሙይ ኣሎ፣ እታ ኣደ ስውኣት ብኸሙይ ትነብር ኣላ ዝብሉ ሕቶታት ክምልስ ዓቅሚኣብዘይህልወሉ ደረጃ በጺሑስ ንኽፋእ ምልኪ ኣብ ምክልኻል ድሮ ኣትዩ ኣሎ። ሜልእኽቲ ወ/ሮ ጉዐይ፡ “ዎ!!! ኣብ ምሉእ ዓለምዘለኽን ሃሚደአ፡ ንዓና ‘ዝነገሰ ንጉሰይ ዝበረቀ ጸሓየይ’ ንብል ዝነበርናስ ገድፍክን፡ እታ ኣደ ስውእቲ ኣብ ፈቀዶ ሃገር ትልምን ዘላ፡ እንታይ ክትብለክን እያ፣ እታ ስንክልቲ ሕፍረታ ክትከድን ዘይትኽእል ኣእዳዋ ዝቆረየት፣ ብእግራ ክትከይድ ዘይትኽእል ኣእጋራ ዝሰንከለት ተጋዳሊት፡ እንታይ ክትብለክን እያ። እታ ሓቀኛ ንኤርትራ ቅድሚት ሓሊፉ ዝተሰወአት፣ እታ ኣደ ስውእቲ ከምበዓል ኣደይ ቁዱሳን (ኣብ ፌስቡክ ዝተዘርገሐት) ኣብ ፈቀዶ ጽርግያ ገበነኣ ቀሊዓ ትልምን ዘላ፡ እንታይ ክትብለክን እያ፧” ክትብል ተሪር ሜልእኽታ ዘመሓላለፈት።

ኤርትራዊ ዝጫፍጫፎን፣ ዝድህኾን ክምዝፈቱ ህግደፋውያን ከኣ ለቅልቅቲ ከምዝኾኑ ገሊጻ። ብዛዕባ ኤርትራ ሓንቲ ሕቶ ሓቲቶማ ክትምልስ ዘይትኽእል ትፋኒ ትበሃል ኤርትራዊ ማጥቆል ዘለዋ ኣሜሪካዊት ኮሜድያን፡ ነቲ ከይተጠራጠረ ሂወቱ ዝሰወአ ስውእ ተጋዳላይ ዝየቆማሉ ሃወልቲ ንሩስያዊ ፑሽኪን ሃወልቲ ዘቆማሉ፡ ንቲፋኒ ከኣ ሊዕሊ እታ ሂወታ ዝወፈየት ሓየት ሽምን ክብርን ከምዝሃብዋ፡ ከምስሉ ከኣ ኤርትራዊት ክነሳ ዜግነት ኤርትራ ከምዝሃብዋ፡ ከምዝጉሃያ ኣይሓብአትን። ተሃሚደኤን ሃማምተኤን ከኣ ተዋሳእቲ ናይ እዚ ድራማ ከምዝኾኑ ግልጺ እዩ ነይሩ። ንስንኩላን ንደቂ ስውኣት እንዳተባህለ ዝዋጻእ ገንዘብ ንኽምዝን ወጻኢታት ሆቴል ኣኼብ መንእሰያት ህግደፍ ማሻፈኒ ከምዝውዕል፡ ኣብሜዳልኡ ከምዝይበጽሕ፡ ኣብናይ ጥፍኣት ንጥፈታት ከምዝጠፍእ ኣብሪሃ።

ወ/ሮ ጉዐይ ንምምሕዳር ኦርቶዶክሳዊት ኤርትራ እውን ኣይገደፈትሎምን። “ንሕና ርጉማት ኢና።” ክትብል ትጅምር። “ሓውምስ ሓው፣ ጎረቤት ምስ ጎረቤት ምትእምማን ኣጥፊእና።” ኢላ ከኣ ትቅጽል። “ካብ ስርዓተ ሕጊ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ወጻኢ፡ ጳጳስ ተገዚቶም ከለዉሲ ባዕሎም ሲሜቱ

ወሲዶም፡” ክትብል ኣብ ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ዝተገብረ ዓቢ ክሕደት ትገልጽ። ንነገሩ ኢሳይያስም ሕጋውነቱ ኣጥፊኡ፡ ንስልጣኑ ብዘይ ወለንታ ህዝቢ ብሓይሊ ገቢቱ ሕዚዎ ስለዘሎ፡ ኣብ መንበረ ጵጵስና ዝተገብረ ጥልመትምነ ዚ ዝማሳሰል ጥልመት እዩ። “ጳጳሳት ዝኣኸሉ ኣብ ኤውሮፓ ሚኢኦምክሕስዉርኢና።” ክትብል ከኣ ምክክርነታትህብ።

ናብኣምላኽና ንማለስ። እግዚኣብሄር ኣምላኽዓንዲየብሉን፡ ግን ከኣ ብእምነት ጠጠውኢሉ ኣሎ። ስለዚ ኣብእግዚኣብሄር እምነት ይሃልወና። ከምቀደምት ኣቦታትና ኣስላማይን ክርስትያናይን እግዚእብሄር (ኣላህ) ጸሎት ናትና የድልዮ ኣሎ። ሓደ ልቢ ሓደ ቃል ከኣ ንኹን። ኣስላማይ ክርስትያናይ ከይተባህለ፣ ኣውራጃ ከይፈለዩ፣ ንትቻዓተ ብሄራት እንዶ ኣይኮነን ተሰዊኦምየ ሕዋትና። መዐልታዊ ጸሎት ወ/ሮ ጉዐይ፡ “እግዚኣብሄር ኣቦና፡ ኤርትራ ትበሃል ሃገር ዝሃብካና፡ ነማስግነካ ኣለና። ፈሊጥናን ከይፈለጥናን ዝገበርናዮ ሓጥኣትና ገዲፍካ ተዓረቀና። ብርሃን ካባኻ፣ ራህዋ ካባኻ እዩ’ሞ ይኣክል በለና። ካብ ሓሰውቲ መራሕቲ ሃገርን ሃይማኖትን ገላግለና።” ጸሎታ ጸሎት ኩላትና ይግበሮ፡ ኣሜን።

ኣብ መወዳእታ ወ/ሮ ናይ ይኣክል ጭፍሖ ኢያ ኣቃሊሓ። ኢሳይያስ ክኸይድ እዩ፣ ኢሳይያስ ክጠፍእ ኢዩ። ኢሳይያስ ተዳሂሉ እዩ፣ ኢሳይያስ ጀጂዩ እዩ፣ ኢሳይያስ ማዳ ብማዳ ኮይኑ ኣሎ። ጌና ብሕጂ ከኣ ካልእ ክመጽእ እዩ። ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሞራሉ ተሰይሩ እዩ። ኢሳይያስ ኣፈወርቂ የለን። እሱን ንህግደፍ ዝሕግዙን ኤርትራዊያን ኣይኮኑን። ኤርትራዊ ዝኾነ፡ ሃገረይ ይበል ሕጂ። ኤርትራዊ ዝኾነ፡ ይኣክል ይበል ሒጂ። ኣንስትኹምኣምጽኡ!!!! ኣነ ግን ኣይስዕስዕን ኢየ። ሽዑ፡ ኤርትራ ነጻ ምስወጸት ኢስይያስ መቀመቅ ምስ ከደ ደቀይ ሒዘ ክስዕስዕ ኢየ።

***__መወዳእታ፡ ርእይቶ ደብረ__***

ወ/ሮ ጉዐይ፡ ቅድሚኩሉ ነቲ ትብዓትክን ድፍረትኪን ኣድናቆተይ ብድጋሚክገልጽ እፈቱ። ካብ ማዕመቅ ልበይ ከኣ የማስግነኪ። ባይታ ዘይረኸባ ኮይነን እምበር ከምዚ ከማኺኣሸሓት ከምዝለዋ ተስፋ እገብር። ደቂ ኣንስትዮ ዘግለለ ለውጢ ዜሮ ሽቶ እዩ ዝወቅዕ። ጸሓፋይ ኣይኮንኩን። ተመኩሮም የብለይን። ግን ክፍትን ኢለ እየ ነዚ ናትኪ ትምህርቲ ከጉልሖ ፈቲነ። ከምእቲ ንስኺ ክትገልጽዮ ዝደለኺኣይገለጽኩዎን ክኸውን ይኽእል እየ። ምስ ምትሓት ክህሎት ወሲድኪ ይቕረታ ክትገብሪ ይሓትት። ሜልሲ እንተዝረክብ ደስ ምበለኒ። እንተዘይኮነ ኣብ ካልእ ናይ ትምህርቲ ጊዜ የራኽበና።

ርእይቶ፡ ህግደፍ ኣነ ኣኢስና ንርእዮ ጸላኢ ኣይኮነን። ፎኾረኦምን ጽዩፍ ስርሖምን ካብ ምትግባር ንድሕሪት ኣይብሉን እዮም። ነዚ ከኣ ዓቢ በጀት ክብጅቱ ከምዝኽእሉ ኣሰና ቲቪ ሓበሬታ ሂቡ ኣሎ። ኩላህና ብፍላይ ኣብ ከባቢ ወ/ሮ ጉዐይ ዘለኹም ንወ/ሮ ጉዐይ ክንሕልዋን ይግባእ። ኣብ ነሕድሕድና ክንተሓላሎዋርድያ ክንወጽእ ኣሎና እብል።

ምኢኪ ይፍረስ ፍትሒይንገስ!!!
ሓውኹም
ደብረ